**26/10/2010**

# 21 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ዑቁባ መሰል ረኺቦም፤

ብሰንኪ’ቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዘይምዕሩይ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ መንእሰያት ኤርትራ ሃገሮምን ህዝቦምን ንመረቤቶም ራሕሪሖም ዝወጹ፡ ቁጽሮም ኣብዚ እዋን’ዚ ቀሊል ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ መንእሰይ ሃገርና ሎሚ ዓቅሉ ጸቢብዎ፡ ዓሰርተታት ሞት ክፍትንዎ፡ ቀለብ ዓሳ ባሕርን ኣራዊት ምድረበዳታት ኮይኑ ይርከብ፡፡

ኣብ’ዚ እዋን’ዚ መንእሰይ ኤርትራ እግሩ ናብ ዝመርሖ ክምርሽን ሃጽ ኢሉ ክጠፍእን ዕጭኡ ኮይኑ’ሎ፡፡ ካብ ዝኣትዉ ዝጠፍኡን ኣደዳ ማእሰርትን ዝኾኑሉ ግዜ ኮይኑ፡፡ ካብ ሱዳን ናብ እስራኤል ንምእታብ ኣብ ዘሎ መስርሕ ምስግጋር፡ ብሰንኪ ስሱዓት ደላሎ የሕዋትናን ራሻይዳን ዘጋጥሞም ጸገማትን ሽግራትን ንክትገልጾ ዘጸግም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንክትሰምዖ’ውን ምፍጣርካ ኣብ’ዛ ዓለም የጽልኣካ፡፡

ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ጉዳይ ስደተኛታት ተራ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት እኹል መረዳእታ ኮይኑ፡ ሎሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራውያን  ስደተኛታት ካብ ናይ ዑቑባ መሰል ምሃብ ሓሊፉ፡ ንዝመጽእ ወለዶታት ኤርትራ ትስፉው ዕድል ዝህብ፡ ሓልዮትን ሓገዝን ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሎሚ’ውን ካብ ትማሊ ብዝሓሸ መልክዕ ቀጺሉ ይርከብ፡፡

21 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ማሕቡስ ቤ/ማእሰርቲ ግብጻውያን ካብ 4-18 ኣዋርሕ ጭካኔ ብዝተመልኦ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ’ዮም ትማሊ 26 ጥቅምቲ 2010፣ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም፡፡ እዞም ትማሊ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት መብዛሕትኦም ኩነታት ጥዕንኦም ደሓን’ዩ’ኳ ክበሃል እንተተኻእለ፡ ኣርባዕተ (4ተ) ካብኣቶም ግን ዝተሃሰዩ የሕዋት ስደተኛታት’ዮም፡፡ እቶም ሰለስተ (3ተ) ብጥይት ዝተሃርሙ ክኾኑ ከለዉ፡ እቲ ሓደ መንእሰይ ስደተኛ ግን ብሰንኪ ማህረምትን ግፍዕን ኣብ ቤ/ማእሰርቲ ግብጺ ብናይ ነርቭ ሽግር ለሚሱ ይርከብ፡፡

ነዞም ዝተሃሰዩ የሕዋት ስደተኛታት ካብ  ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ናይ ዝለዓለ ሕክምና ረኺቦም ኣለዉ፡፡ ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ክሳብ ሎሚ ዕለት **1880** ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ግብጺ ተቀቢሉ ይርከብ፡፡

ነዞም ትማሊ 26 ጥቅምቲ 2010፣ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ዝኣተዉ 21 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣባል ፍሪ ኤርትራ ዶት ኦርግ ኣቶ ተኽለ ኣማን ድሕሪ ናይ እንቋዕ መጻኹም፡ ናይ ሞራል ደገፍ ጌሮሎም፡፡ ብዘይካ’ዚ ኣቶ ተኽለ ኣማን ምስ የሕዋቱን ደቁን ዝኣተዉ ስደተኛታት ናይ ሓደ ሰዓት ዘተ ኣካይዱ፡፡

ትማሊ 14 ጥቅምቲ 2010፡ ካብ ዝኣተዉ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኢ ምስሊ፡



